# ናይ ታሪኽና ሓበን ተጎሩባ

ኣኸዛ ዘሚሩ መሬት ክኸደን ቆጽሊ ምስ ዕምበባ
ለጋዓት ወሊደን ኣድራጋ ክሕለባ
መሬትና ባሕርና ክእዙ ሰደድ-እታው እንካ ሃባ
ቤት ትምህርታት ዓሚረን ፍልጥ ክሕለባ
ፍትሒ ሰላም ክዓስሉ ኣብ ባይቶ እንዳባ
ነዚ ንምዕዋት'ዩ ነይሩ ኩሉ ዕላማኺ ተጎሩባ

ጀጋኑ ተጎሩባ ሰብ ድርብ ሓሞት
ቆሪጾም ተላዕሉ ንናይ ህዝቦም ድሕነት
ንርስቲ ወለዶታት ንናጽነት ሓርነት
ንጹሃት ሰብ ሓንቲ ዘይፈልጡ ወስለትለት
ብዓል ተሪር መርገጽ ምስቲ ዓሚቕ ብስለት

ሓደገኛ ሃንደሳ ውዲት ጸላእትና
ውሽጢ-ውሽጢ ባሕጐጉ ምዉቕ ሓድነትና
ብሃይማኖት ዓሌት ኣውራጃ ከፋፊለ ህዝብና
ሽዕኡ ኣይጀመረን መግዛእቲ ኣብ ሃገርና
ይኹን'ምር ኣይተጎድአን ነይሩ ሓድነትና
ንብእከይ ዝተሰአ ዘገልግል ኣበሳ ነጊድና
ሰላም ብምርካቡ ቀሲኑ ክይረብሕ ወሎደና

ብጽሞና ዝመዘኑ ነቲ ከቢድ ኩነታት
ሰራውሩ'ውን ለኪዖም እከይ ማእለማታት
ንጸበብትን ድኹማትን ዝሸምት ርኹስ ብልሓት
ንሃገሮም ዝሸጡ ሪሒብ ዓይኖም ስሱዓት
ወላኺ እንተጻዓሩ ኣዚሮም ዝሪኡ ለባማት
ተዓብሊሎም ብናይ ጥልመት ዕሱባት

ምስተጠልመ ውዕላት ህዝብና ብውሽጥን ብደገን
እንኮ ምርጫ ተቐልቀለት ብኹሉ ወገን
ንሕና ንሕልፍ ተሊምና በሉ ባዓል ሓበን
ኣብ ኣዳል ኣወጁ ብረታዊ ቃልስና ብሱሳን ሓደን

ንቃልሲ ተታሓሓዞ ብትግሃት
መፍትሒታት ቀረበ ንኹሉ መኸተታት
ብልዝብ ክኣሊ ንውሽጣዊ ፍልልያት
ብእሩም ኣገባብ ዝደለበ ንቕሓት
ንኽፍርስ ጸላእትና ዝረገሕዎ ጋጋት
ክጠፍእ ንሓዋሩ ዝኣተወ ቅርሕንታት
ንሓድነት ሰርዐ ካብ ዝቐደሙ ቅድምያታት

ወረደ ንተጎሩባ ሰራዊት ጎበጣ
መሬት ዝኸደነ ከም ኣምበጣ
ተቐበሎ ብዓል ስረ ሕጹብ ማዓንጣ
ሓዝ ብኸሳዱ ክብሃል ብሳንጅኣ ብሰንጣ
ሰራዊት ምስ ተገንዘበ'ቲ ዘይወጸ ጣጣ
ዛሕዛሕ ኢሉ ህድማ ኮነ ደርብዩ ብረተ ሳንጣ
ህዝብና ተበሲሩ ምዛን ፍትሒ ብኣፍ ሙዝ ዘጢጣ

**ወትሩ ተሓበኒ ኣደ ዓወት ተጎሩባ**
**ንመግዛእቲ ሓመድ ድበ ሂወት ንህዝባ**
**ንጸላእቲ ሓዘን ንዓናና ዕምበባ**
**ክደፍእ ህዝብና ኣክሊል ዓወት ክኸደን ካባ**